
POLICE
police.be.ch

# ሕጂ እንታይ?

ሓገዝን ምምካርን ኣብ ናይ ዓመጽ ጉዳይ



# ሕጂ ኸ እንታይ? - ሓገዝ ኣብ ጉዳይ ዓመጽ



እቲ ፖሊስ ናይ ክፍለ-ሃገር በርን 24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ንውሕስነትኩም ይሰርሕ። ሰባት ካብ ገበን ንምክልኻል ከምኡ'ውን ሰባት ሕግታት ምእንቲ ክኽተሉ ምሕጋዝ ናትና ሓላፍነት ኢዩ።

ብሓፈሻ ስዊዘርላንድ ሓንቲ ውሕስቲ ሃገር እያ። ኣንተኾነ ግን ገበናት ኣብ ብዙሕ ቦታታት ከምኒ ህዝባውያን ቦታታት ከም ኣብ ፓርክታትን ቤት-መግብታትን፣ ኣብ ባቡርን ኣውቶቡስን ወይ ኣብ መደበራት ገበን ክፍጸም ይኽእል ኢዩ፣ ግን እንኮላይ ኣብ ግላዊ ከባቢ ከምኡ'ውን ኣብ ኢንተርነት። ፖሊስ ንዓኹም እዩ ዘሎ፥ ግዳይ ኣደዳ ወይ ምስክር ናይ ሓደ ገበን እንተ ደኣ ኮንኩም ንገሩና ኢኹም። ኣብ ሓደጋ ብዝቐልጠፈ ናይ ህጹጽ ኩነታት ፖሊስ 112 ወይ 117 ደውሉ።

**ንውሕስነትኩም ፖሊስ ክፍለ-ሃገር በርን እዚ ዝስዕብ ይመክር፥**

## ጐነጽ

ኣብ ዘይርጉጽ ኩነታት ኣይትኣተዉ ከምኡ'ውን ንውሽጣዊ ድምጽኹም ስምዑ ኢኹም። ኣብ ሰዓታት ምሸትን ለይትን ኣብ ከባቢ ካልኦት ሰባት ክትኮኑ ንመኽረኩም።

- ኣይተሕርቑ ከምኡ'ውን ኣይተሕርቑ ኢኹም።
- ብኣቃውማኹም፣ ወስታኹምን፣ ናይ ገጽ መግለጺኹም ከምኡ ውን ድምጽኹምን ርእሰ-ተኣማምነትኩም ኣርእዩ ኢኹም።
- ዘይትፈልጡ ሰባት ብኣቱም/ኣትን (“Sie”) ጌርኩም ተዛረቡዎም ከምኡ'ውን ራሕቂ ግበሩ።
- ሰባት ኣብ ከባብኹም ብንጡፍ ክሕግዙ ወይ ከኣ ናብ ነብሶም ኣቓልቦ ክስሕቡ ኣተባብዕዎም ኢኹም።
- ኣብ ህጹጽ ኩነት ፖሊስ ደሃይ ግበሩሎም ኢኹም (ህጹጽ ረድኤት 112 ወይ 117) - ሓደ ግዜ ዝያዳ ምድዋል ካብ ዝውሓደ ይሓይሽ'ዩ!


## ጾታዊ ምስርጣይ

ጾታዊ ምስርጣይ ብቃላት ብወስወስታ ወይ ብተግባር ኣብ ስዊዘርላንድ ዘቕጽዕ እዩ። ጾታዊ ምስርጣይ ብዙሕ ግዜ ኣብ ናይ ግሊ ቦታ (ንኣብነት ኣብ ክለባት ወይ መንበሪ ቦታ) ወይ ኣብ ቦታ ስራሕ ይፍጸም እዩ። ግን ዋላ ኣብ ህዝባዊ ቦታ ጾታዊ ምስርጣይ ክረአ ይከኣል፣ ንኣብነት ኣብ ባቡር፣ ኣውቶቡስ፣ ፓርክታት ወይ ቦታታት ከም ካፈታት ወይ ናይ ሳዕሲዒት ቦታ።

- ፈጺምኩም ብንጹር ጌርኩም ብቃላትን ኣረኣይያን/ወስወስታን ከምኡ'ውን ብንጡፍ ተቓውሞ ሓይሊ እንተ ደኣ ዘይድሊ ኮይኑ ከምዘይትደልዩዎ ኣርእዩ ኢኹም።
- ነቶም ኣብቲ ኩነት ዘየለው ሰባት ሓገዝ ሕተቱዎም ወይ ኣቓልቦ ሰባት ሰሓቡ ንኣብነት ዓው ኢልኩም “ግደፍ/ፊ” ኢልኩም ጨድሩ።
- ተሓተትቲ ሰባት ከም ንኣብነት መምህራን፣ ኣመሓዳሪ ማሕበር ወይ ማእከል፣ ኣውቲስታ ወይ ሰራሕተኛታት ውሕስነት ሓብሩዎም ኢኹም።
- ስቕ ኣይትበሉ! ምስ ተኣማማኒ ሰብ ተዛረቡ፣ ምስ ናይ ምኽሪ ማእከል ከምኡ'ውን/ወይ ምስ ፖሊስ።

## ዘቤታዊ ጐነጽ

ሕብረተሰብና ዝኾነ ዓይነት ጐነጽ ኣይጸውርን እዩ - ወላ ኣብ ገዛ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት። ዝደጋገም ግፍዒ፣ ናይ ርክብ እገዳታት፣ ምውሳድ ገንዘብ፣ ጸርፍታት፣ ኣካላታዊ ጐነጽ፣ ጾታዊ ዓመጽ ከምኡ ውን በስገዳድ ነገራት ምትግባር ክልኩላት ከምኡ'ውን ብሕጊ ዘቕጽዑ እዮም። ዝኾኑ ሰባት፣ ማለት ንኣብነት ቆልዑ፣ ጎረባብቲ ወይ ኣዕሩኽ ንፖሊስ ክሓብሩ ይኽእሉ እዮም። እቲ ፖሊስ ሽዑ ክደሊ ኣለዎ።



> ስቕ ኣይትበሉ! ምስ ሓደ ጨንፈር ምኽሪ ከምኡ'ውን/ወይ ምስ ፖሊስ ተዘራረቡ ኢኹም።
> ኣገደስቲ ቁጽርታት ተለፎን ዘለዎ ዝርዝር (ፖሊስ 112 ወይ 117, ተኣመንቲ ሰባት ወዘተ) ተማልኡ ኢኹም።
> ኣቐዲምኩም ኣበይ ሓገዝ ክትረኽቡ ከምትኽእሉ፣ ንኣብነት ካብ ጎረቤት፣ ኣረጋግጹ ኢኹም።
> ኣገደስቲ ሰነዳት ምስ ተኣማማኒ ሰብ ኣቕምጡ ኢኹም።

ንግዳማውያን ወገናት፥

> ኣብ ህጹጽ ኩነታት፥ ምክልኻል ነብሲ ካብ ጠብሎቕ ምባል ይቕድም - ባዕልኹም ኣብ ሓደጋ ኣይትኣትዉ ከምኡ'ውን ቀልጢፍኩም ንፖሊስ ሓብሩ ኢኹም!

> ጥርጣረ ናይ ዘቤታዊ ጐነጽ፥
– ነቲ/ነታ ዝምልከቶ/ታ ሰብ (ግዳይ) ብዛዕባ ጥርጣረኹም ተዛረቡዎ ኢኹም።
– ነቲ/ነታ ዝምልከቶ/ታ ሰብ ክትሕግዙዎ/ዋ ንገሩዎ/ዋ ኢኹም።
– እቲ ነጻ ጨንፈር ምኽሪ ከምዘሎ ነቲ ዝምልከት ሰብ ንገሩዎ ኢኹም።
– እቲ ዝምልከቶ ሰብ ናብ ጨንፈር ምኽሪ ወይ ፖሊስ ንክተሰንዩዎ ሕተትዎ ኢኹም።

> ዋላ ግዳማውያን ወገናት ናብ ጨናፍር ምኽሪ ክኸዱ ከምኡ'ውን ምምኻር ክረኽቡ ይኽእሉ ኢዮም።

ፖሊስ እንተ ደኣ ተሓቢሮም፣ እቲ ጐነጽ ዝገብር ሰብ ክሰግጉዎ ከምኡ'ውን ንብዙሕ መዓልታት ካብቲ ኣፓርታማ ከልግሱዎ ይኽእሉ'ዮም። ነንስትን ቆልዑን ኣዝዩ ሓደገኛ እንተኾይኑ፣ ኣብ ሓደ ስቱር ቤት ናይ ኣንስቲ ሓለዋ ክረኽቡ ይኽእሉ ኢዮም።

ብምጥርናፍ ስድራቤት ዝመጹ እሞ ኸኣ ጐነጽ ዘጋጥሞም ከምኡ'ውን ካብ መጻምዶም ክፈለዩ ዝደልዩ ሰባት፣ ነዚ ንምግባር ዘሕእሎም መንብሪ ፍቓድ ክወሃቡ ይኽእሉ ኢዮም። ነዚ ድማ ናይ ጐነጽ ተመኩሮኦም ከርእዩ ከምኡ'ውን ናይ ሕክምና ምስክር ወረቐት፣ ናይ ፖሊስ ሰነዳት ወይ መልእኽትታት ካብ ናይ ግዳያት ምኽሪ ማእከል ከርእዩዎም ኣለዎም።

## ብሓይሊ ዝግበር መርዓን ምግዳድን

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝኾነ/ት ሰብ መን ከምዝመርዓው ብነጻ ክውስን ይኽእል እዩ/ ትኽእል እያ። ምግዳድን ጸቕጢ ምግባርን ክልኩል እዩ። መርዓ ኣብ ከምዚ ዚኣመሰለ ኩነታት ፍቑድ/ብቑዕ ኣይኮነን። ዋላ ሰባት ኣብ ሓዳር ክጸንሑ ከምዝደልዩ ወይ ክፈላልዩ ከምዝደልዩ ነጻ ምርጫ ኣለዎም።

> እዚ ነገር እዚ ንዓኹም ወይ ንዝኾነ ካብ ኣዕሩኽኩም ዝምልከት እንተኾይኑ ንእሙን ሰብ፣ ወይ ንሓደ ናይ ምኽሪ ማእከል ሓብሩ ኢኹም።

## ምቕጻው (ንሰባት ምክትታል)

ሓደ ሰብ ንካልኦት ሰባት ኣንጻር ድልየቶም ብተደጋጋሚ ዝተናኽፎም፣ ዘሸግሮም፣ ዝጭኩኖም ወይ ህያባት ዘዳልወሎም እንተኾይኑ፣ ንዕኦም ኣዝዩ ኣጨናቒ ነገር እዩ። እዚ ነገር እዚ ኢዩ ድማ ምቕጻው ዝብሃል። ንጥፈታት ምቕጻው ከምኒ ሽበራ/ራዕዲ ብተለፎን፣ ናይ ፈኸራ ናይ ሞባይል ጽሑፍ መልእክቲ፣ መዓልታውያን ኢመይላት፣ ምኻድ ናብ ቦታ ስራሕ፣ ኩሉ ግዜ ህያባት ምግዛእ፣ ኣብ ኣፓርታማ ምምጻእን ከምኡ'ውን ብሓፈሽኡ ምስላይን ምቊጽጻርን። ገሊኦም ንጽላት ናይ ምቕጻው ተግባራት ከቕጽዑ ይኽእሉ እዮም ከምኡ'ውን ነቲ ዚቓጽዐ ሰብ ብሕጋዊ መገዲ ናይ ርክብ እገዳ ክውሰነሉ ይእእል እዩ።

> ብንጹርን ሓንሳብን ርክብ ከምዘይትደልዩ ግለጹ ኢኹም።

> ዝኾነ ዓይነት መልሲ ደወላት፣ ኢመይላት፣ ወዘተ ኣይትሃቡ ከምኡ'ውን ህያባት ኣይትቀበሉ ኢኹም። ዋላ ከቢድ እንተኾነ፥ ጽኑዓት ኩኑ።

> ከባቢኹም ሓብሩ ኢኹም፥ ስድራቤት፣ መሓዙት፣ መሳርሕቲ ከምኡ'ውን ጎረባብቲ። እዚኣቶም ክሕግዙኹም ይኽእሉ እዮም።

> ዝኾነ ዓይነት ንጥፈታት ናይቲ ሰብ ጸሓፉ ኢኹም ምስ ዕለት፣ ሰዓት፣ ቦታ ከምኡ'ውን መሰኻኽር።

> ከነማኽረኩም ኣፍቕዱልና! ናይ ምኽሪ ማእከላትን ፖሊስን ኩሉ ግዜ ምሳኹም ኣሎዉ።



## ናይ ሓደ ገበን ግዳይ

> ኣብ ህጹጽ ኩነታት ወይ ከኣ ኣብ ገለ ፍጻሜታት ዘጋጥመሉ እዋን ናብ 112 ወይ 117 ደውሉ ኢኹም።

> እቲ ቦታ ገበን ኣይትቕይሩዎ ኢኹም።
 – ዝኾነ ኣሰር ኣይትደምስሱ ኢኹም።
 – ዝኾነ ከይተልዕሉ ከምኡ'ውን ከይተጽርዩ።
 – ዋላ እቶም ዝተኸደኑ ክዳውንቲ ክሕሳጽቡ ኣይግባእን።

> ጉድኣት ብቕልጡፍ እንተተኻኢሉ (ካብ 72 ሰዓታት ዘይበዝሕ) ብዘቤታዊ ሓኪምኩም ወይ ሆስፒታል ብምኻድ ኩነታትኩም ክስነድ ሕተቱ ኢኹም።

## ንሓደ ናይ ምኽሪ ማእከል ወይ ንፖሊስ ርኸቡ ኢኹም፥

> ኣብ ሓገዝ ምድላይ ኣይትወላወሉ ኢኹም!

> ጨናፈራት ምኽሪ ብነጻ እዮም ዝሕግዙኹም።

> ንፖሊስ ከይሓበርኩም ናብ ሓደ ጨንፈር ምኽሪ ክትከዱ ትኽእሉ።

> እቶም ጨናፍር ምኽሪ ድማ ብዘይ ናትኩም ፍቓድ/ስምምዕ ንፖሊስ ክነግሩ ኣይፍቐደሎምን እዩ።

> ዋላ ዘይርጉጽ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ሰባት ናይ ምኽሪ መሰል ኣለዎም።

ንፖሊስ ብዛዕባ ገበን እንተ ደኣ ክትሓብሩ ደሊኹም (ምልክታ ገበን ምግባር/ ሪፖርት ምግባር) ብተለፎን ወይ ብኣካል ናብ ዝኾነ ጨንፈር ፖሊስ ኣብ ስዊዘርላንድ ክትከዱ ትኽእሉ። ብዛዕባ'ቲ ፍጻሜ ክንሓተኩም ከምኡ'ውን እንታይ ከምትብሉ ክንጽሕፍ ኢና። ብዛዕባ ጾታዊ ጐነጽ እንተኾይኑ እንተተኻኢሉ ከም ናትኩ ጾታ ብዘለዎ ሰብ ክትሕተቱ ኢኹም። ኣብ ቋንቋ ሽግር ምስ ዝህሉ ተርጓማይ ክንገብር ኢና።

## ክሲ ገበን

ኣብ ፖሊስ ምልክታ/ሪፖርት እንተገርኩም፣ ናይ ምርመራ ስራሕ ክንጅምር ኢና። መርትዖታት ንደሊ፣ ንደገፍ ዝኸውን ኣሰር ንደሊ፣ ንዓኹምን ንክሱስን ቃላ-መሕትት ንገብር ኢና። ዋላ ኣብ ብጣዕሚ ከበድቲ ፍጻሜታት ካልእ ሰባት፣ ግዳይ ዘይኮነ፣ እንተ ደኣ ሓቢሮምና ንምርምር ኢና። ብዛዕባ'ቲ መቕጻዕቲ ድሓር ብህዝባውያን ኣኽበርቲ ሕጊ ወይ ቤት-ፍርዲ ይውሰን እዮም።

# ኣብዚ ሓገዝን ምኽርን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም

**ህጹጽ ኩነታትን ቕልጡፍ ሓገዝን (ነጻ ቁጽርታት ቴለፎን፣ 24 ሰዓታት)**

ፖሊስ ........ ተለ. **112** ወይ **117**

ኣምቡላንስ/ሓለዋ ጥዕና ........ ተለ. **144**

ናይ ፖሊስ ኣድራሻ ቴለፎን ንኣንስቲ (መመለሺ ተለፎን፣
ጓለንስተይቲ ፖሊስ ደዊላ ትምልሰልክን) ........ **031 332 77 77**

**Die Dargebotene Hand** - እቲ ዘውፊ ኢድ - ስመ-ስውር ሓገዝን ምኽርን ንብጹሓት ........ **143**

**Pro Juventute** - ስመ-ስውር ሓገዝን ምኽርን ንቆልዑን መንእሰያትን ........ **147**

**ምኽሪ ንግዳያት**

**Opferhilfe** (ሓገዝ ንግዳይ) **Bern** ........ **031 370 30 70**

**Opferhilfe** (ሓገዝ ንግዳይ) **Biel** ........ **032 322 56 33**

**Lantana** - ሓገዝ ንግዳይ ጾታዊ ጕነጽ ንኣዋልድን ኣንስትን፣ **Bern** ........ **031 313 14 00**

**Vista** - ሓገዝ ንግዳይ ናይ ጾታውን ዘቤታውን ጕነጽ፣ **Thun** ........ **033 225 05 60**

**Fachstelle Häusliche Gewalt Stadt Bern**
(ቤት-ጽሕፈት ናይ ዘቤታዊ ጕነጽ ከተማ **Bern**) ........ **031 321 63 02**

**Frauenhaus** (ቤት ኣንስቲ) **Bern** ........ **031 332 55 33**

**Frauenhaus Region Biel** (ቤት ኣንስቲ፣ ከባቢ **Biel**) ........ **032 322 03 44**

**Frauenhaus** (ቤት ኣንስቲ) **Thun - Berner Oberland** ........ **033 221 47 47**

**Fachstelle Stalking-Beratung** (ናይ ምቕጻው ቤት-ጽሕፈት ምኽሪ) - **Bern** ........ **031 321 68 97**

**Zwangsheirat.ch** (ግዱድ መርዓ) ........ **021 540 00 00**

**ሓፈሻዊ ምኽሪ**

**frabina** - ናይ ምኽሪ ማእከል ንዜጋትት ክልተ ሃገራት ዝኾኑ
ኣብ ዝምድና ዘለዉ ኣንስትን ሰብኡትን ........ **031 381 27 01**

**ISA** - ማእከል ሓበሬታን ምኽርን ንወጻእተኛታትን ሕቶታት ወጻእተኛታትን ........ **031 310 12 72**

ብዛዕባ ብሓባር ምቕማጥ በዝን ብካልኦትን ቋንቋታት ኣብ ናይ ኢንተርነት
መርበብና ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፥
**www.police.be.ch**

**App** ናይ ሞባይል ኣፕሊኬሽና ርኸቡዎ ኢኹም፥
www.police.be.ch/app

ኣብ **Twitter** ሰዓቡና ኢኹም፥
www.police.be.ch/twitter

Tigrinya/3000/Prävention 03/17